ሓዲሽ ሓበረታ ብዛዕባ ኮሮና

# CORONA

TIGRINJA
ቁጽሪ 28
የካቲት 2021

## መታለልቲ ካብ ክታበት ኣንጻር ኮሮና ክፍሊት ክወስዱ ይፍትኑ

**ኣብዚ ቀውዒ ብዙሓት ካልኦት ኣንጻር ኮሮና ክኸተቡ እዮም። ኩሉ ግዜ ብነጻ'ዩ: መታለልቲ ግን ከታልሉ ጀሚሮም ኣለዉ። ክፍሊት ክወስዱ ይፍትኑ ኣለዉን ፖሊስ ከአ ዝያዳ ክገድድ'ዩ ኢሎም ይኣምኑን።**

ኣብ ሽወደን ዝቕመጡ ኩሎም ኣኹላት ሰባት እንተደልዮም ክታበት ኣንጻር ኮሮና ( ኮቪድ -19) ክወሃቦም እዩ።

ሎሚ ከታልሉ ዝፍትኑ መታለልቲ ከምዘለዉ ፖሊስ ፈሊጦም ኣለው። ገለ መታለልቲ ናባኻ ብምድዋል ናይ ክታበት ቆጸራ ክሑዙልካ ከምዝደልዩ ብምንጋር ገንዘብ ክትከፍሎም ይሓቱኻ።

ወይ ከኣ ምናልባት ምሳኻ ይዛረቡ ከም ዘለዉ ናይ ግድን ንምርግጋጽ ሞባይል ባንክኣይድኻ ክትከፍተሎም ይሓቱኻ።

### ብመታለልቲ ኣይትታለል:

- ዝኾነ ሰብ እንተደዊሉልካ ባንክኣይድኻ ወይ ባንክዶሳኻ ኣይትኸፈተሎም
- ካብ ባንክ ካርድኻ ዝኾነ ቁጽርታት እይትሃብ
- ኣብ ናይ ባንክዶሳኻ ትጥቀመሎም ኮዳት ይኹኑ ቁጽርታት ፈጺምካ ኣይትሃብ

ሓቀኛ ማሕበራት: ትካላት ወይ ሰብ መዚታት እንተደዊሎሙልካ ከምኡ ክትገብር ፈጺሞም ኣይሓቱኻን።

### እንተተጣራጢርካ ከምዚ ግበር :

- ተሌፎንካ ዕጸ
- ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.1177.se ኣቲኻ ዞባታት ቆጸራ ክሕዙ ከመይ ይገብሩ ተኸታተል ወይ ናብ ማእከል ጥዕናኻ ደዊልካ ሕተት።
- ናይ ገዛ ኣገልግሎት ወይ ናይ ገዛ ሕክምናዊ ክንክን እንተለካ ኣብ ኮሙንካ ተኸታተል

### እንተተታሊልካ : ወይ ዝኾነ ከታልለካ እንተፈቲኑ

- ገንዘብካ ደው ንኸተብሎ ሓገዝ ንኽትረክብ ናብ ባንክኻ ደውል ወይ ኢመይል ጸሓፍ
- ንፖሊስ ተወከስ ። ሕጂ ገበን ይፍጸም እንተሎ 112 : ወይ ከም ዝተፈጸመ ከተመልክት እንተኾንካ 11414 ደውል።

### ሓበሬታ ኣብ ምሃብ ተሓጋገዝ!

ንስድራኻን የዕሩኽትኻን ነብሶም መታን ክከላኸሉ ብዛዕባ ምትላል ሓበሬታ ሃብ ።
ከምኡ'ውን ዘክር: ኣብ ሽወደን ክታበት ኣንጻር ኮቪድ-19 ብነጻ'ዩ!

Krissamverkan
Kalmar län

**ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ኣኣብ ክልተ ሰሙን**
እዚ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ካብ ጉጅለ ምትሕብባር ቅልውላው ኣውራጃ ካልማር ይመጽእ። ጉጅለ ምትሕብባር ቅልውላው ኣውራጃ ካልማር ምትሕብባር ናይ ኩሎም ኮሙናት ናይዚ ኣውራጃ: ዞባ ካልማር: ባይቶ ኣውራጃ ካልማርን ካልኦት ኩሎም ሰበስልጣናት ናይዚ ኣውራጃን እዩ። ኣብ ግዜ ቅልውላው ናይዚ ሕብረተሰብ ብሓባር ንውስንን ነንሕድሕድና ንተሓጋገዝን።

facebook.com/krissamverkan.kalmar

Borgholms kommun